# ሰንበት ዘምኵራብ ጾም ፫

## የካቲት 4 2014 ዓ.ም.(3/14/ 2022)

## ድምጺ ኣምላኽ ምስማዕ

*መዝሙር፡* ቦአ ኢየሱስ ምኵራበ አይሁድ ወመሃረ ቃለ ሃይማኖት. . . . ኢየሱስ ኣብ ቤት ጸሎት ኣይሁድ ኣተወ። ካብ መስዋዕቲ ምጽዋት እፍተወኒ ኣነ ንሰንበት ዋንአ ንምሕረት ኣቦአ እየ፥ ንቤት ኣቦይ ቤት ሸቓት ኣይትግበርዋ ቤተ ጸሎት እያ እትስመ፥ ሰንበት ኣኽብሩ ሠናይ ግበሩ ንብጻይኩም ኣፍቅሩ ንድኻታትን መሳኺንን ራሕርሑ እምነት ክተሕድሩ”።

ንባባት፡ ቆላስ 2፡16-ፍ፥ ፩ጴጥ 3፡18-22፥ ግ.ሓ 5፡17-36፥ ማር 1፡12-15።

ስብከት፡ እስመ ቅንአተ ቤተከ በልዓኒ፥ ትዕይርቶሙ ለእለ ይትዔየሩከ ወድቀ ላዕሌየ፤ ወቀጻዕክዋ በጾም ለነፍስየ ንቤትካ ዘሎኒ መንፈሳዊ ቅንኢ ከም ሓዊ የንድደኒ ኣሎ፥ ጸርፊ እቶም ዝጸርፉኻውን ኣባይ ወደቐ፥ ንነፍሰይ ብጾም ኣሕሳእክዋ”። መዝ. 69፡9።

ቅ. ጳውሎስ ንስኻትኩም ታቦት ኣምላኽ ኢኹም ይብለና። ታቦት ዝብሃል ኣብ ኦሪት ዓሰርተ ትእዛዛት፥ በትረ ኣሮን፥ ህብስተ መና ዝሓዘ እዩ ነሩ። እዚ ታቦት ህላዌ ኣምላኽ ኣብ መንጎ ደቂ እስራኤል ዝገልጽ እዩ። ታቦተ ኪዳን ኣብ ማእከሎም ስለ ዝነበረ እሳራኤላውያን ኩሉ ጊዜ ይጸናንዑ ንጸላእቶም የሸንፉ ባህርያውን ሰብ ዝፈጠሮ ጸገማትን ይሓልፍዎ ነሮም። ታቦተ ኪዳን መራኽቢ ምስ ኣምላኽ ገሮም ይርእይዎ ነሮም። ጳውሎስ ሓዋርያ ነዚ ርድኢት ሒዙ ልባትና ሕይወትና ናይ እቲ ፈጣር ኩሉ ዝኾነ ኣምላኽ ታቦት ወይ መቕደስ እዩ ይብል። ቤት ኣምላኽ ስለ ዝኾነ መንቅብ ክርከቦ ኣይግባእን ኣጽሪና ዝግብኦ ክብሪ ሒዝና ክንሕዞ ይግባእ።

ናይ ሎሚ መዝሙር እውን ነዚ ሓሳብ እዩ ዝነግረና። ልባትና ካልእ ከይውንኖ ኣምላኽ ጥራሕ ዋንኡ ክኸውን ከምዘለዎ የዘኻኽረና። ገንዘብ ሰይጣን ዓለም ንልብና ንሕይወትና ክውንኑ ዝቃለሱና ሕሱማት ጸላእቲ ኣለዉና ዳንከራ መዝሙሮም ክንሰምዕ ልብና ክንከፍተሎም ዕለት ዕለት የዚሙ ኣለዉ ስለዚ እዩ እንሰምዖ ድምጺ ኣለሊና ክንክእል ዘሎና። ናይ መን ድምጺ እየ ዝሰምዕ ዘሎኹ ክንብል እዋኑ እዩ። ታቦት ኣምላኽ ዝኾነ ልብና ካልእ ድምጺ ሰሚዑ ማኅደር ካልእ ከይ ከውን ሎሚ እውን ክነስተውዕል እሞ ጉዕዞና ክንርኢ ንሕተት ኣሎና።

ኣብ ኣስተንትኖና ኣብነት ክኾነና ዝኽእል ጽውጽዋይ ኣብ መንጎ ኣደን ግዐርን ኣግማል ዝተዘርበ ዕላል ክንርኢ ኣደን ውላድን እናኣዕለሉ እንከለዉ፥ እቲ ሕወር ኣደ ስለምንታይ ኢና ጻፍሕ እግሪ ዘሎና ኢሉ ሓቲቱ ኣደ ኸአ ኣብ ምድረ በዳ እናኸድና ከይንሸከል ምእንቲ ኢላ መሊሳትሉ። እንደገና ኣደ ስለምንታይ እዩ ሸፋሽፍቲ ዓይንና ዓቢን ዝዕጾን ዝኽፈትን ኢሉ ሓቲቱ ኣደ ኸአ ኣብ ምድረ በዳ እናከድና ሓመድ ደሮናን ኣብ ዓይንና ከይኣቱ ኢላቶ፥ ጽንሕ ኢሉ ኣደ ስለምንታይ እዩ ምንጉዳ ዘሎና ኢሉ እንደገና ሕትኡ ኣቕሪቡ ኣደ ኸአ ሕቶታት ስለ ዘብዝሐ ሕርቕ ኢላ ኣብ ምድረ በዳ ንነውሕ ክንጉዓዝ ኣንከሎና ከይንጠምን ከይንጸምእን ምእንቲ ኢላቶ፥ እሞ ኣብ ሓመድ ምድረ በዳ ከይንሸከል ጻፍሕ እግሪ ከሎና፥ ሓመድ ዓይንና ከይኣትዎ ገፍሕ ሸፋሽፍቲ ካብ ኣሎና፥ ከይንጸምእን ከይንጠምን ምንጉዳ ካብ ኣሎና ኣብዚ ናይ እንሳታት ዙ Zoo እንታይ ንገብር ኣሎና ኢልዋ ይብሃል። ዘሎናዮ ሕይወት ኣብ ገለ እዋን ከም ገመል ኣብ

እንዳ እንስሳታት ኣብ ዘይ ቦታና ከም እንነብር ይገብረና እዩ። ከምቲ ገመል ኣብ እንዳ እንስሳታት ክትነብር ዘይኮነት ኣብ ምድረ በዳ ክትከይድ ዝተፈጥረት ንሕና እውን መን ምዃና ክንፈልጥ ኣብ ገለ እዋናት ኣብ ምድረ በዳ ሕይወትና ክንወጽእ የድልየና እዩ። እዋን ጾም ኣብ ከምዚ ዓይነት ሕይወት ክንኣቱ ዝዕድም እዩ።

ኣብ ብሉይ ኪዳን እንተ ረኣና ምድረ በዳ (desert) ብህዝበ እግዚኣብሔር ዝፍለጡ ዕብራውያን ዝተወልዱሉ ቦታ እዩ። ዕብራውያን ካብ ግብጺ ምስ ወጹ ከም ሓደ ህዝቢ ኮይኖም ኣብ ትሕቲ ኣምላኽ ኣብ ምድረ ተስፋ ኣትዮም። ኣብ ምድረ በዳ ምስ ኣምላኽ ኪዳን ኣትዮም ከም ህዝቢ ኣምላኽ ከአ ተፈሊጦም። ኣብ ጉዕዞ ታሪኾም እንተ ረኤና ፍቕሪ ኣምላኽን እምነትን የጉድሉ ነሮም፥ ነብያት ብኣምላኽ ተላኢኾም ንህዝቢ ኣብቲ ሓቀኛ መንነቶም ክምለሱ፥ ኣብ ጸዋዕትኦምን ተልእክኦምን፥ ኣብ እምነቶም ከም መበራበርን መጽንዕን፥ ምስ ኣምላኽ ንዝነበሮም ኪዳን ክሕልዉ መዘኻኸሪ ኸኾኖም ኣብ ምድረ በዳ ክወጹ ይነግርዎም ነሮም። ኤልያስ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ነብያት፥ ዮሓንስ መጥምቕ ኣብ በረኻ ዝሰብኩ ዝነበሩ፥ መግቢ ምድረ በዳ ዝምገቡ ዝነበሩን ግሩህ ሕይወት ለቢሶም ነቲ ሕይወት ኣብ ምድረ በዳ ዘስተማቕሩ እዮም ነሮም። ምድረ በዳ ከም ሓደ ዩኒፈርሲቲ ኣምላኽ ንህዝቡ ዘስተምህረሉ ዝነበረ እዩ ዝርአ። ምድረ በዳ ንኹሉ ሓዲግካ ምስ ኣምላኽ ክትዛረብ ክትሰምዕ ክትልኣኽ ዝሕግዝ ፍሉይ ቦታ እዩ፥ እዚ ኸአ እዚ ኣቲናዮ ዘሎና ጾም እዩ ዘመልክት። ጾም ምስ ኣምላኽ ክንዛረብ ክንሰምዖ ክንልኣኾ ሕራይ ክንብሎ እንሰናደወሉ ፍሉይ ጊዜ እዩ።

ኣብ ናይ ሎሚ ወንጌል እንተ ኣንቢብና ኢየሱስ ምስተጠምቀ ብቕጽበት ከአ መንፈስ ቅዱስ ናብ ምድረ በዳ ድማ ኣውጽኦ፥ ኣብቲ ምድረ በዳ ብሰይጣን እናተፈተነ ኣርብዓ መዓልቲ ጸንሐ ምስ ኣራዊት ከአ ነበረ፥ መላእኽቲውን የገልግልዎ ነበሩ (ማር 1፡12-13) ይብል። ኣብ መድረ በዳ ኢየሱስ ብመንፈስ ቅዱስ ተሰንዩ፥ ብሰይጣን ከአ ተፈቲኑ፥ ምስ እንስሳ በረኻ ነሩ፥ መላእኽቲ ኸአ ይልኣኽዎ ነሮም። ምድረ በዳ ከም ሓደ ቤት ትምህርቲ፥ ኢየሱስ ድምጺ ኣምላኽ ክሰዕቦ ክሰምዖ ዘለዎ ድምጺ ዝሰምዓሉ ብኣንጻሩ ከአ ካብ ሰይጣን ንመንነቱ ዝትንክፍ ፈተና ዝሰምዓሉ እሞ ካብ ክልቲኡ ነየናይ ፈላልዩ ክሰምዕ ከምዘለዎ ዝተማህረሉ እዩ። ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ንግሆ ምስ ተንሳእና ክሳብ ምሸት እንድቅስ ክንደይ ዓይነት ድምጺ ንሰምዕ? ኣብ ራድዮ ኣብ ጋዜጣ፥ ተለቭዥን፥ ድምጺ ናይ እቶም ምሳና ዝነበሩን ዝሰርሑን፥ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ናይ ገዛእ ርእስና ድምጺ፥ እዝን ካልእን ንሰምዕ። ኣብ ምድረ በዳ መብዝሕትኦም እዞም ድምጽታት እዚኦም ድሕረና ንሓድጎም እሞ ኣብኡ ኣብ መንጎ ድምጺ ኣምላኽ ዝሕልወናን ዝመርሓናን ከምኡ ናይ ሰይጣን ድምጺ ዝፈታተነና ንሰምዕ።

ኣብ ምድረበዳ እንተ ወጻእና ርእስና ክንፈልጥ ንኽእል፥ ዓቕምናን ድኻምነትናን ኣነጺርና ክነለሊ ንኽእል፥ ከምኡ ሰማያዊ መጸዋዕታና ኣምላኽ ካባና እንታይ ከምዝደሊ ክንሰምዕ ንኽእል። ኢየሱስ ኣብ ምድረ በዳ ኣራዊት በረኻን መላእኽትን ረኺቡ፥ ኣብ ሕይወት ነፍሲ ወከፍና ነናትና ኣራዊት በረኻን መላእኽትን ኣለዉና። ኣብ ገለ እዋን ብላዕሊ እነርእዮ ናይ ገዛ ርእስና ኣፍልጦ፥ ኣባና ዘለዉ ኣራዊት በረኻ ክነለልዮም ኣይንኽእልን እሞ ብትዕቢት ንምለኽ፥ ወይ ምሳና ዘሎ መልኣኽ ኣይነለልን ንገዛእ ርእስና ንጸልእ። ኣብ ጽምዋን ኣስተንትኖን ናይ ምድረ በዳ እንተ ኣቶና ግን ንርእስና ከምዘላቶ ክንፈልጥን ክነለልን ንኽእል ምስ ኣራዊት በረኻን መላእኽትን ክንሰማማዕ ንኽእል ሽው ሰላምን ቅሳነትን ንመጀመርያ ጊዜ ክነስተማቕር ንኽእል።

ኣብ ርድኢት ብሉይ ኪዳን መስሕ ክመጽእ እንከሎ ኣብ መንጎ ኣራዊት በረኻን ሰብን ከምኡ ኣብ መንጎ ክልተ ተጻረርቲ ዝነበሩ ሰላም ከምዝኸውን እዩ እቲ ትንቢት ዝንገር። በታ መዓልቲ እቲኣ ንሕዝበይ ምእንቲ ኺይጉድኡ ምስ ኣራዊት መሮርን ምስ ኣዕዋፍ ሰማይን ምስ ለመምታ ምድርን

ኪዳን ክአቱ እየ፥ ቀስትን ሰይፍን ውግእን ካብታ ሀገር ከጥፍእ ብድኃንውን ከንብሮም እየ (ሆሴዕ 2፡18) ይብል። ኢየሱስ አብ ምድረ በዳ አራዊት በረኻ ቅድሚ ደቂ ሰብ ከለልይዎ ከም ዓርኮምን ንተሦምን ክርእይዎ ንርኢ። ሰብ ምስ አምላኽ ክዛረብ እንተ ኽአለ ኩሉ የኽብሮ። አብዚ ክነስተውዕሎ ዘሎና ፈተና እዩ። አብ እምነትና እንተ ጸናዕና ንዝመጸና ፈተና ጸኒዕና እንተ ተቓለስና ተፈጥሮን ኩሉ አብ ጎንና ሓጋዚና ክኸውን እዩ። ግን ቀዳማይ ነገር ክንገብሮ ዘሎና ውሳኔን ድለትን ብወገና ክህሉ አለዎ።

እምብአር እዋን ጾም ናይ ምድረ በዳ ልምምድ ከነጥሪ ዝሕግዘና እዩ። አብ ምድረ በዳ ክንከይድ ምናልባት መብዝሕትና ገመል ክንገዝእ አይንኽእልን ንኸውን እንተ ኾነ አብዚ ጫውጫውታን ዕግርግርን ዝመልአ ሕይወትና ናይ ገዛእ ርእስና ምድረ በዳ ክንፈጥር እሞ ንርእስና አብ ሓቀኛ ርክብን ሕይወትን ምስ አምላኽ እንፈጥረሉ መገዲ ክንሕዝ። አብ መዓልታዊ ሕይወትና ንአምላኽ ዝኸውን ጊዜ ክንፈሊ፥ ድምጺ አምላኽ እንሰምዓሉ ሃዋህው ክንፈጥር፥ ካብዚ ናይ ዓለምና ጫውጫውታን ዝተፈላለይ ድምጽታት ካብ ምስማዕ እንወጽአሉ ጊዜ ክንፈጥር፥ንድምጺ አምላኽ ክንሰምዕ ጊዜ ክንወስድ፥ አብ ቅድሚ አምላኽ ከመሉኹ ክንብል እሞ ክንርኢ፥ አምላኽ ካባና ንዝደልዮ ሕራይ ክንብል ንሰይጣንን ልኡኻቱን እምቢ ክንብል ፍሉይ ጊዜ ንውሰድ።

አብ ወንጌል ማቴዎስ ኢየሱስ አብ ምድረ በዳ አርብዓ መዓልትን ለይትን ጸይሙ ይብለና እዚ ግን ቃል ንቃሉ ክውሰድ ዘለዎ ሓሳብ አይኮነን። አርብዓ ዝብል ብተደጋጋሚ አብ ቅዱስ መጽሓፍ ንረኽቦ እዚ ኸአ ንንስሓ ምቅርራብን ንምስንዳው ወይ ከአ እዋን መቕጻዕትን መዓት አምላኽ ከም ዝወረድ ከመልክትን ኢና እንርእዮ። እግዚአብሔር አብ ጊዜ ኖኅ ሰብ ንምቕጻዕ አርብዓ መዓልትን ለይትን ከም ዝዘነበን ዘዕለቕለቕን (ዘፍ 7፡12) ነንብብ፥ ሰብ ንነዌ ዮናስ ነብይ እንተ ዘይተነስሑ ድሕሪ አርብዓ መዓልቲ ክጠፍኡ ምዃኖም ምስ ተነግሮም ኩሎም ዓቢኦም ንእሶም እንስሳኦም ከይተረፉ ምሕረት ክረኽቡ ንአርብዓ መዓልትን ለይትን ንንስሓን ጾምን አዊጆም (ዮናስ 3፡4)፥ ሙሴን ህዝቡን ንአርብዓ ዓመት አብ ምድረ በዳ ኮለል ኢሎም (ዘኁ 14፡34)፥ ሕዝቅኤል ነብይ ብየማናይ ጎኑ ንአርብዓ መዓልቲ በጥ ኢሉ እዚ ኸአ ንከተማ ኢየሩሳሌም ዝወርዳ ዕንወት ከመልክት ኢሉ እዩ (ሕዝ 4፡6፥ ኤልያስ ነብይ አብ እምባ ሆሬብ ንአርብዓ መዓልትን ለይትን ጸይሙ (፩ዘነግ 19፡8)፥ ሙሴ አብ እምባ ደብረሲና እንከሎ ንአርብዓ መዓልትን ለይትን ጸይሙ (ዘጽ 34፡28)።

አብ ሓዲስ ኪዳን እውን ኢየሱስ ቅድሚ ስብከቱ ምጅማሩ አብ ምድረ በዳ አርብዓ መዓልትን ለይትን ከም ዝጾመ ነንብብ (ሉቃ 5፡35)። ድሕሪ አርብዓ መዓልቲ ንሰማይ ዓሪጉ(ግ.ሓ.1፡3) ንሱ ሓዲስ አዳም እዩ ንፈተና ስዒሩ እሙን አምላኽ ዝኸውን። ከምቶም ንአምላኽ አብ ምድረ በዳ ዝጠለሙ ዘይኮነ ንሱ ሓዲስ እስራኤል እዩ ንርእሱ ከም ሓደ እሙን አገልጋሊ አምላኽ አብ ኩሉ ምሉእ እምነትን አብ መለኮታዊ ድላይ ዝገለጸ እዩ። እንተ ኾነ እቲ አቦ ሓሶት ዝኾነ ሰይጣን መን መኻኑ እናፈለጠ ፈተና አቕሪብሉ። እስከ ንርአ ንአምላኽ ክፍትን ድሕር ዘይበለ ሰይጣን ንእና ድአ ክንደይ ክፍትነና እዩ?።

ፈተና ክምጸና እንከሎ ብኽልተ ክፍሊ እዩ ዝመጸና፥ መጀመርያ አብቲ ጊዜ ፈተና እትገብሮ ምርጫ ወይ ውሳኔ፥ ካልአይ ቅድሚ ምፍታንካ እትገብሮ ምቅርራብ ከአ አሎ። ቅድሚ ፈተና ዘሎ ምቅርራብና ከም ግብኡ ስለ ዘይንገብር ነቲ ፈተና ከይንዕወት ዝገደደ ይገብሮ። ቅድሚ ፈተና ዘሎ እዋን ንርእስና ቀሪብና እንተ ጸናሕና መጋበሪ ስለ ዘሎና ክንሸነፍ አይንኽእልን ኢና። ፈተና ሓቀኛ ክፍሊ ሕይወትና እዩ፥ፈተና ካብቲ ጽቡቕ ኢልና ሒዝናዮ ዘሎና ክፈልየና ይቐርበና ንአብነት ካብ ቃል ኪዳና፥ ካብ ምግልጋል አምላኽን ሰብን. . . . ብዙሕ ነገራት አምላኽ

ክንሓድግ ይመጸና። ኣብ ገለ እዋን ሓጺር ውሳኔ ክንወስድ ይመጽኣና ፈተና፥ ክይንጽመም ክይንቃለስ ይፈታተነና ሓጸርቲ ውሳኔ ከምእንገብር ይገብረና ሽዑ ንጥዓስ።

ኣብ ሕይወትና እምብኣር ብዘይ ፈተና ክነብር ኣይንኽእልን ኢና። ግን ፈተና ዝመጸና ክንወድቕ ምእንቲ ዘይኮነ ከጽንዓና ብርቱዓት ክገብረና፥ ከዕንወና ዘይኮነ ንጽቡቕና እዩ፥ ተፈቲና ብርቱዓት ተዋጋእቲ ምእንቲ ክንከውን እዩ።

ኣምላኽ ክንፍተን የፍቅድ እዩ ካብ ዓቕምና ንላዕሊ ዝኾነ ፈተና ግን ኣይህብናን እዩ። ብጸሎትና ንፈተና እነሸንፈሉ መጋበሪ ከምኡ ጸግኡን መምርሒኡን ይህበና እዩ።

ቅ. ማርቆስ መላእኽቲ የገልግልዎ ነሮም ይብለና። ኣብ ጊዜ ፈተናን ጸገምን ኣምላኽ ኣይሓድገናን እዩ መላእኽቱ ከገልግሉና ክሕግዙና ኩሉ ጊዜ ምሳና ኣለዉ፥ ከምቲ ኢየሱስ ኣብ ጊዜ ፈተና ንበይኑ ዘይነበረ ንሕና እውን ንበይንና ኣይኮናን። ንፈተናን ንሰይጣንን ውግእ ምስ ጀመርና ኩሉ ጊዜ ብኣምላኽን ብኽማና ዝበሉ ሰባትን ክንሕገዝ ኢና።

ኣብዚ ጉዕዞ ጾም እምብኣር ንኣምላኽ ሒዝና ንኹሉ ፈተና ስዒርና እሙናት ደቂ ኣምላኽ ንኹን ነዚ ኸአ የብቅዓና። ብሩኽ ጾም ቅድስናን ሕድገት ኃጢአትናን ዘውርድ ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ